**Vera Institute of Justice**
**Legal Orientation Program**
**Overview: Information About Immigration Law**
***Last updated October 2018***
***TIGRINYA***

# 1. ሓጺር ሓፈሻዊ መግለጺ
# Overview

**<u>ክፍሊ ሓደ: መሰረታዊ ሓበሬታ</u>**
**<u>PART ONE: BASIC INFORMATION</u>**

**I. መእተዊ**

እዚ ሓበሬታ ዝቐረበ ብቤት ጽሕፈት ዋና ፈጻሚ ስራሕ ንዳግመ ግምት ኢሚግሬሽን (The Executive Office for Immigration Review (EOIR)) ፕሮግራም መላለዪ ሕጊ እዩ፡፡ እዚ ፕሮግራም ከማኻ ንዝበሉ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ንዝርከቡ ሰባት ብዛዕባ ሕጊ ኢሚግሬሽን ሓበሬታ ይህብ፡፡ እዚ ፓኬት ብዛዕባ ሕጊ ኢሚግሬሽን ዘለዉ መሰረታዊ ሓበሬታታት ዝሓዘ እዩ፡፡ ዘለውኻ ሕጋዊ መሰላትን ግቡኣትን እንታይ ከምዝኾኑ ሓበሬታ ይህበካ እዩ፡፡

ንኣኻ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንምጥራዝ DHS ክጥቀመሎም ዝኽእሎም ዝተፈላለዩ ኣገባባት ወይ ኣሰራርሓታት ኣለዋ፡፡ እዚ  ፓኬት ዘገልግል ኣብ ስሩዕ ምስጓግ፣ ምጥራዝ ወይ ምንጻግ ከይዲ ቤት ፍርዲ ንዝርከቡ ውልቀ ሰባት እዩ፡፡ ብቕልጡፍ ምጥራዝ፣ ስጉምቲ ምጥራዝ መሊስካ ኣብ ምትግባር ወይ ኣብ ምምሕዳራዊ ምጥራዝ ከይዲ ኣብ ዝርከቡ ውልቀ ሰባት **ግብራዊ ኣይኾውንን፡፡** በዚ ኣገባብ ኣብ ዝርከቡ ዓይነታት ክሲ እንተኾይንካ ብኽብረትካ ብዛዕባ ብቕልጡፍ ምጥራዝ፣ ስጉምቲ ምጥራዝ መሊስካ ምትግባር ወይ ብዛዕባ ምምሕዳራዊ ምጥራዝ ግብራዊነት ንጹር ሓበሬታ ዝህቡ ካልኦት ጽሑፋት ኣንብብ፡፡

**II. ኣብዚ ዝተረኽብካ ንምንታይ እዩ?**

ሀ. ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ዝኣተኻ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ መንግስቲ ኣካል ብዝኾነ ናይ ውሽጢ ዓዲ ድሕንነት ዲፓርትመንት ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ወይ ብDHS ከምኡውን “ኢሚግሬሽን” ተባሂሉ ዝጽዋዕ ቤት ዕዮ እዩ፡፡ ኣብዚ ዝተረኽብካሉ ምኽንያት መንግስቲ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጊ ኢሚግሬሽን ጥሒስካ ኢኻ ኢሉ ስለዝኣምነ እዩ፡፡ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝመጻእካ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ክኸውን ይኽእል፡፡ ብሕጋዊ ኣገባብ እንተመጻእካ እውን ኣብዚ ዓዲ ብዝያዳ ነዊሕ ንዝኾነ እዋን ጸኒሕኻ ኢኻ፡፡ ኣብ ልዕሊ ናትካ ናይ ኢሚግሬሽን ደረጃ ጽልዋ ከሕድር ዝኽእል ገበን ፈጺምካ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ፡፡

ለ. መንግስቲ ንኣኻ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንምጥራዝ ይፍትን ኣሎ፡፡ እዚ መስርሕ “ምስጓግ” ወይ “ምጥራዝ” ተባሂሉ ይጽዋዕ፡፡ ኣብ ጉዳይካ እንድሕሪ ዘይተካተዕካ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትወጽእ ክትዕዘዝ ትኽእል። ከምኡ እውን ንሓያሎ ዓመታት ብሕጋዊ ኣገባብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተመሊስካ ክትመጽእ ኣይትኽእልን፡፡ ንኽትወጽእ ወይ

ንኽትጥረዝ ናይ መወዳእታ ትእዛዝ ክወሃበካ ከሎ ኣብ ቤት ማዕሰርቲ ዝተቐይድካ እንተኾይንካ መንግስቲ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ናብ መበቆል ሃገርካ መሊሱ ይሰደካ እዩ፡፡

ሐ. ኣብ ውሽጢ እዚ ሃገር ንኽትጸንሕ ብቑዕ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ። ወይ ድማ ኣብ መጻኢ እዋን ናብዚ ዓዲ ተመሊስካ ንኽትመጽእ ኩነታት ፎኵስ ብዝገብር ኣገባብ ነገራት ክትነጥፍ ትኽእል ኢኻ፡፡ ኣብ ጉዳይካ ዘእመን ክትዕ እንተዘይገበርካ ወይ ኸኣ ዳኛ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሕ ወይ ንኽትቕመጥ ብቑዕ ኣይኮንካን ኢሉ እንተወሲኑ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትወጽእ ትእዛዝ ከመሓላልፍ ይኽእል እዩ፡፡

III. ርድኢት ብዛዕባ ምትላል

ኣብቲ ናይ ኤሚግረሽ ናይ ቀይድን ምጥራዝን መስርሕ፡ ንኣኻ ከምኡ'ውን ንመንግስቲ ምትላል ክበጽሓኩም ይኽእል'ዩ።

ኣብ ከም ናትካ ኲነታት ንዘለዉ ሰባት፡ ምትላል ዘጋጥም መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ጉዳይካ ዝውክለካ ጠበቓ ክትረክብን ክይቆጽርን ኣብ ትፍትነሉ እዋን'ዩ። ኣብ ናትካ ናይ ኤሚግረሽን ጉዳይን፡ ከምኡ ድማ ኣብ ጉዳይካ ኣብ ደገ ኮይንካ ንኽትከታተል እትጠልበሉ ምፍሳስ ጉዳይ እንተድኣ ነዚ ክፋል ናይ ጉዳይካ'ዚ ክትቆጽር ትደሊ ኾይንካ፡ ሕጋዊ ምኽርን ኣገልግሎታትን ከቕርቡልካ ዝኽእሉ ክልተ ጉጅለታት ሰባት ጥራይ እዮም፥ ጠበቓታትንብወግዒ ዝተፈልጡ ወከልትን።
ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሓደ ጠበቓ ("ክኢላ ሕጊ" እውን ይብሃል'ዩ) ኣብ ናይ ሕጊ ቤት-ትምህርቲ ዝተማህረን ናይ Juris Doctor (ዶክተር ክኢላ ሕጊ, J.D.) ዲግሪ ዝረኸበን እዩ። ንሳቶም ናይ ስራሕ ፍቓድ ዘለዎም ኣባላት ናይ ክፍለሃገር ማሕበር ጥብቅና ኮይኖም ኣብ "ጽቡቕ ኣቃውማ (ኩሉ ዘማልኡ)" ዘለዉ ክኾኑ ኣለዎም ከም ድማ በቲ ናይ ክፍለሃገር ማሕበር ጥብቅና ንዝተዋህበ ምርመራ ዝሓለፉ ክኾኑ ኣለዎም። ጠበቓታት ሕጋዊ ምኽሪ ክህቡን ሕጋዊ ኣገልግሎታት ከቕርቡን ይኽእሉ። ንሳቶም ወረቓቕትን መመልከቲታትን ከእትዉ ይኽእሉ፡ ከምኡ'ውን ንኣኻ ኣብ ቅድሚ እቲ ናይ ኤሚግረሽን (ስደት) ቤት-ፍርዲ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ዕቑባን፡ ኣብ እዋን ይግባይ ትበለሎም እዋናትን ይውክሉኻ። ናይ ጠበቓኻ ሰነዳት ስራሕ ፍቓድ ንምርኣይ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ። እንተኽኢልካ ነቲ ቍጽሪ ፍቓድ'ውን ጽሓፎ።

ሓደ ብወግዒ ዝተፈልጠ ወኪል ናይ ኤሚግረሽን ሕጋዊ ኣገልግሎታት ንኽህብ በቲ Department of Justice (ክፍሊ ፍትሒ, DOJ) ፍቓድ ተዋሂብዎ ኣሎ። ብሓፈሻ፡ ሓደ ምሉእ ንምሉእ ብወግዒ ዝተፈልጠ ወኪል ንኣኻ ኣብ ቅድሚ እቲ ናይ ኤሚግረሽን (ስደት) ቤት-ፍርዲ፡ እቲ ቤት-ጽሕፈት ዕቑባን፡ ከምኡ'ውን ኣብ እዋን ይግባይ ምባልካ ናብቲ Board of Immigration Appeals (ቦርድ ይግባያት ኤሚግረሽን) ክውክለካ ይኽእል። ሓደ ብወግዒ ዝተፈልጠ ወኪል ብዛዕባ ናይ ኤሚግረሽን ዘይኮኑ ጉዳያት ኣብ ናይ ክፍለሃገር ቤት-ፍርዲ ክውክለካ ኣይክእልን'ዩ።ሓደ ሰብ ሕጋዊ ብወግዒ ዝተፈልጠ ወኪል ምዃኑ ትፈልጠሉ ዝበለጸ መንገዲ ካብቲ DOJ ናይ ዝተረኸበ ንዅነታቱ ዘረጋግጽ ቅዳህ ውሳነ ምሕታት እዩ።

ናትካ ጠበቓ ወይ ብወግዒ ዝተፈልጠ ወኪል ናይ ምቕጻርን ምብራርን መሰል ኣለካ፡ ከምኡ ድማ ዘይርድኣካ ወይ ደስ ዘይብለካ ዝኾነ ሕጋዊ ውክልና ክትቅበል የብልካን።

ናትካ ሕጋዊ ወኪል ኣታሊሉኒ ኣሎ ወይ ምስ ኣሰጋገርቲ እዩ ዝሰርሕ ኢልካ እንተሓሲብካ ሓገዝ ርኸብ። እንተደሊኻ ንተወካልነትካ ደው ክተብሎ ትኽእል ኢኻ። ኣንጻር ሕጋዊ ወኪልካ ጥርዓን ከተቕርብ'ውን ትኽእል ኢኻ። ድሒሩ ገጽ ንገጽ ምስተራኸብና ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

ሓደ notary public (ህዝባዊ ሳምዕተኛ), notario, ወይ ሓደ notario público ጠበቓ ወይ ብወግዒ ዝተፈልጠ ወኪል ኣይኮነን፡ ኣብ ናትካ ናይ ኤሚግረሽን ጉዳይ ድማ ሕጋዊ ምኽሪ ኮነ ኣገልግሎታት ድማ ከቕርብ ኣይክእልን'ዩ እንተድኣ ንሱ በቲ DOJ ብወግዒ ዘይተፈልጠን ኣብ በቲ DOJ ኣፍልጦ ዝረኸበ ውድብ ዘይሰርሕን ኮይኑ። ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ፡ ሓደ ህዝባዊ ሳምዕተኛ ህዝባዊ በዓል መዚ ኮይኑ ሰነዳት ከመሳኽር፡ ዝተማህለሎም ጽሑፋት ቃል ይወስድን፡ ማሕላታት

የካይድን። ኣማኸርቲ ኤሚግረሽንን ወሃብቲ ሓገዝ ኤሚግረሽንን ጠበቓታት ኣይኮኑን ሕጋዊ ምኽሪ ክህቡ ወይ ሕጋዊ ኣገልግሎታት ክህቡ ድማ ኣይክእሉን እዮም።

ምትላል ኣንጻር መንግስቲ'ውን የጋጥም'ዩ ሳዕቤናቱ ድማ ከቢድ ክኸውን ይክእል። ኣብ ቤት-ፍርድን ኣብቲ ጉዳይካ ንምድጋፍ ናብ መንግስቲ ተቐርቦ ናይ ወረቐት-ስራሕን ኩሊግዜ ሓቀኛ መግለጺ ክትህብ ኣዝዩ ኣገዳሲ ምኧኑ ኣይትረስዕ። ኣብ ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ሕጋዊ ስርዓት፡ ኩሉ ኣብ ቤት-ፍርዲ ወይ ንበዓል መዚ ኤሚግረሽን ትዛረቦ ነገር፡ ወይ ኣብ ንመንግስቲ ዝቐርብ መመልከቲ ወይ ከኣ ጭራም መረጋገጺዘሎ ኩሉ ነገር፡ ሓቂ ክኸውን ኣለዎ። ዘይሓቀኛ መግለጺታት ምሃብን ናይ ሓሶት መረጋገጺ ምቕራብን ኣንጻር ሕጊ እዩ እቲ መንግስቲ ድማ ክኽሰካ ይኽእል'ዩ። ክም<u>ኡ'ውን ምሱ ንጉዳይካ ክሃስዮ እዩ።</u>

**IV. ናትካ መሰላት እንታይ እዮም?**

ሀ. ምስ ዳኛ ናይ ምዝርራብ መሰል ኣለካ፡፡ ቋንቋ እንግሊዝኛ ዘይትዛረብ ወይ ብግቡእ ዘይትርዳእ እንተኾይንካ እቲ ቤት ፍርዲ ቋንቋኻ ዝዛረብን ኣብ ቤት ፍርዲ እናሃለኻ ሓሳብካ ንኽትዛረብን ኣብኡ ዘለዉ ፍጻመታት ኽትፈልጥን ብምግባር ዝሕገዘካን ኣስተርጓሚ ይህበካ፡፡

ለ. ጉዳይኻ ኣብ ቤት ፍርዲ ንኽርአ ናይ ምግባር መሰል ኣለካ፡፡ ኣብቲ ቤት ፍርዲ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንክትጸንሕ ከፍቐደልካ ዝግባእ ንምንታይ ከምዝኾነ ንጹር ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ክሕግዘካ ዝኽእል ጠበቓ ክሕልወካ ይኽእል፡፡ ይኹን እምበር መንግስቲ ንኣኻ ጠበቓ ዝኽፈል ክፍሊት ኣይከፍልን፡፡

ሐ. ጥርዓንካ ከድግፍ ዝኽእል ሓበሬታ ንዳኛ ናይ ምሃብ መሰል ኣለካ፡፡

መ. ኣብ ቤት ፍርዲ ብኣንጻርካ ዝዛረብ ዝኾነ ሰብ ሕቶታት ናይ ምሕታት መሰል ኣለካ፡፡

ሠ. ዳኛ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትጸንሕ ወይ ክትነብር ኣይትኽእልን ኢሉ እንተበዪኑ ጥርዓንካ ቦርድ ይግባይ ኢሚግሬሽን ብዝበሃል ካልእ ቤት ፍርዲ ንኽረኣየልኻ ናይ ምግባር መሰል ኣለካ፡፡ እዚ ድማ "ይግባይ" ይበሃል፡፡

<u>**ክፍሊ ክልተ: መጋባእያታት**</u>

**I. ኣብ መጋባእያታት እንታይ ፍጻመታት ክኽሰቱ ይኽእሉ እዮም?**

ሀ. ዳኛ መብዛሕቲኡ እዋን ኣብ ክፍሊ ቤት ፍርዲ ኣብ ቅድሚት ኮፍ ይብል፡፡ መብዛሕቲኡ እዋን ክልተ ተወሰኽቲ ጠረጴዛታት ኣለዋ፡፡ ጠበቓ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ወይ DHS ኣብ ሓዲኡ ጠረጴዛ ኮፍ ይብል፤ ንስኻ ድማ ጠበቓ እንተሃሊዩካ ምስ ጠበቓኻ ኣብቲ ካልኣይ ጠረጴዛ ኮፍ ትብል፡፡ ሓደሓደ ግዜ እቲ ዳኛ ወይ ጠበቓ መንግስቲ ኣብ ቴሌቪዥን ክኸውን ይኽእል፡፡

ለ. ኣብ ቐዳማይ መጋባእያ ንዝስዕቡ ሕቶታት መልሲ ንምሃብ ተዳለው፡-

1. እቲ ቤት ፍርዲ ብዛዕባኻ ዘለዎ ሓበሬታ ትኽክል ድዩ?
2. ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽይትጥረዝ ክትካታዕ ትደሊዶ?
3. ናይ ሕጊ ጠበቓ ኣለካዶ?
4. ናይ ሕጊ ጠበቓ ክትረክብ ክትፍትን ትደሊዶ?
5. ብወለንትናኻ ንምውጻእ ክትሓትት ትደሊዶ?
6. ንኽትስጎግ (ንኽትጥረዝ) ክትሓትት ትደሊዶ?

ኣብዚ ታሕቲ ብዛዕባ ናይ ነፍስ ወከፍ ሕቶ ሓበሬታ ንህበካ ኣሎና፡፡

**1. እቲ ቤት ፍርዲ ብዛዕባኻ ዘለዎ ሓበሬታ ትኽክል ድዩ?**

ሀ.) “ምልክታ መጸዋዕታ” ዝበሃል (ሓደሓደ ግዜ ብሓጺሩ “NTA” ዝበሃል) ወረቐት ክበጽሐካ ግድን እዩ፡፡ እዚ ወረቐት ኣዚዩ ኣገዳሲ እዩ፡፡ ናብ ቤት ፍርዲ ክትኸይድ ከለኻ ነዚ ወረቐት ኣብ ኢድኻ እንድሕሪ ዘይሓዝካ ቅዳሑ ይወሃበካ እዩ፡፡ እዚ “ምልክታ መጸዋዕታ” ብመንግስቲ እምነት ናትካ ሽም፣ ዜጋ ዝኾንካሉ ሃገር (ንኽትጥረዝ ትእዛዝ እንተተዋሂቡ ትምለሰሉ ሃገር)፣ ናትካ ቁጽሪ ኢሚግሬሽን፣ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኣተኻሉ ዕለት፣ ከመይ ከምዝኣተኻን ንኣኻ ንምጥራዝ ንኽፍትኑ መበገሲ ዝኾኑ ምኽንያታት እንታይ ከምዝኾኑ ብንጹር ዝሕብር እዩ፡፡ ነዚ ወረቐት ብዝያዳ ጥንቓቐ ክትርእዮ ኣለካ፡፡

ለ.) ኣብ ናትካ “ምልክታ መጸዋዕታ” ብዛዕባኻ ኣብ ዝተጽሓፈ ሓበሬታ ዝኾነ ጌጋ እንተሃሊዩ ነቲ ደኛ ኣፍልጥ፡፡ ነቲ ወረቐት ክተንብብ ዘይትኽእል እንተኾይንካ ቋንቋኻ ዝዛረብ ኣስተርጓሚ ኣብ ቤት ፍርዲ የንብበልካ፡፡ ኣብቲ መጋባእያ እቲ ዳኛ ኣብቲ “ምልክታ መጸዋዕታ” ዘሎ ሓበሬታ ከንብበልካን ትኽክል ከምዝኾነ ክሓተካን ኣለዎ፡፡ ኩሉ ሓበሬታ ትኽክል እንተድኣ ኮይኑ “እወ፤ ትኽክል እዩ” ኢልካ መልሲ ክትህብ ኣለካ። ወይ ኸኣ ዝኾነ ጌጋ እንተሃሊዩ ድማ “ትኽክል ኣይኮነን” ኢልካ መልሲ ክትህብ ኣለካ፡፡

**2. ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽይትጥረዝ ክትካታዕ ትደሊ ዲኻ?**

ኣብ ጉዳይኻ ክትካትዕ እንተደሊኻ መንግስቲ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሕ ክፈቕደልኻ ዝገብር ምኽንያት ክህልወካ ግድን እዩ፡፡ እቲ ዳኛ ኣብ ልዕሊኻ ግብራዊ ዝኸውን ስጉምቲ ምስጓግ (ክምኡውን "ምጥራዝ") ንዝበሃል ስጉምቲ) ንኽትርፎን ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሕን ዝገብሩ ሓያሎ ምኽንያታት ኣለዋ፡፡

### ሀ) ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ዲኻ?

ዜጋታት ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ኮይኖም ዜጋ ከምዝኾኑ ዘይፈልጡ ገለ ሰባት ኣለዉ፡፡ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ እንተኾይንካ እቲ መንግስቲ ንኣኻ ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ክውዕል ወይ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክጥርዘካ ኣይኽእልን፡፡ ዜጋ ክትኸውን ትኽእለሎም ኣገባባት ወይ ኩነታት:-

- ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተድኣ ተወሊድካ፣
- ወለድኻ ወይ ናይ ወለድኻ ወለዲ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝተወለዱ ሰባት እንተድኣ ኾይኖም ወይ
- ዕድመኻ 18 ዓመት ቕድሚ ምኳኑ ወለድኻ ዜግነት ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝረኸቡ ሰባት እንተድኣ ኾይኖም፣

ካብ ኣቦኻ ወይ ኣዴኻ ሓዲኦም ጥራይ እውን ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ እንተኾይኖም ዜጋ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትኸውን ክትኽእል ኢኻ፡፡

### ለ) ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኣተኻ ብሕጋዊ ኣገባብ ብቪዛ ድዩ?

ብሕጋዊ ኣገባብ እንተኣቲኻ ከምኡውን:-

- ዜጋ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኾነ/ት ሰብኣይ ወይ ሰበይቲ እንተሃሊዩኪ/እንተሃሊያትካ ወይ
- ዝዕድመኡ/ኣ ትሕቲ 21 ዓመት ዝኾነ/ትን ዜጋ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኾነ/ትን ወዲ ወይ ጓል እንተሃሊዩካ/ኪ ወይ
- ሓዳር ዘይገበርካ ዕድመኻ ወዲ ወይ ጓል 21 ዓመትን ዜጋ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኾነ/ት ወላዲ ወይ ወላዲ ዘለካ እንተድኣ ኾይንካ፡፡

ሕጋዊ ቀዋሚ ተቐማጢ ክትኸውን ብቑዕ ኢኻ፡፡ ሕጋዊ ቀዋሚ ተቐማጢ ንክትኸውን ካብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ፍቓድ እንተረኺብካ መንግስቲ ሕጅ ክሰጎካ (ክጥርዘካ) ዘይኽእለሉ ዕድል ኣሎ፡፡

### ሐ) ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኣተኻ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ብዘይ ፍቓድ ድዩ?

ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝኣተኻ ብሕጋዊ ኣገባብ እንተኾይኑ ከምኡ እውን

- ዝኾነ ሰብ ቕድሚ መጋቢት 2001 ኣብ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ንኣኻ ጥርዓን ወይ ማመልከቻ ዘቕረበ እንተኾይኑ ወይ

- ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ብዝኾነ በዓል ቤት ወይ ወላዲ ግዳይ ዓመጽ እንተኾይንኪ፤

ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ተቐማጢ ክትኾኒ ትኽእሊ ኢኺ፡፡ ሕጋዊ ቀዋሚ ተቐማጢ ንክትኾኒ ካብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ፍቓድ እንተረኺብኪ መንግስቲ ሕጅ ክሰጉኺ (ክጥርዘኪ) ዘይኽእለሉ ዕድል ኣሎ፡፡

**መ) "ግሪን ካርድ" ኣለካዶ? ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ተቐማጢ ዲኻ?**

ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ተቐማጢ እንተኾይንካን

- ግሪን ካርድ ብውሕዱ ን5 ዓመት ዝነበረካ እንተድኣ ኺይንካ ከምኡውን
- ብሕጋዊ መገዲ ካብዝኣተኻሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብዘይምቁራጽ ን7 ዓመት እንተተቐሚይኻ ከምኡውን
- ብከቢድ ገበን ገበነኛ ኮይንካ ዘይትፈልጥ እንተኾይንካ፤ (እዚኦም ከቢድ ገበናት፤ ዘስካሕክሑ ገበናት ዝበሃሉ፤ ቅትለት፣ ምዕማጽ፣ ኣብ ልዕሊ ትሕቲ ዕድመ ህጻን ዝፍጸም ርክበ ስጋዊ ዓመጽ፣ ሓሽሽ ምስጋር፣ ንሓደ ዓመትን ዝዛይድ እዋንን ኣብ ቐይዲ ዘውዕሉ ዓመጽ ዝተሓሰም ገበናትን ንሓደ ዓመትን ዝዛይድ እዋንን ኣብ ቐይዲ ዘውዕል ገበን ስርቂን እዮም፡፡)

"ምስራዝ ምስጓግ (ጥርዝያ)" ዝግብኣካ እንተኾይኑ ዳኛ ግሪን ካርድኻ ከምዝተሓዝ ገሩ ኣብ ሕቡራት ኣመሪካ ክትጸንሕ ከፍቅደልካ ይኽእል ኢዩ። እዚ ግሪን ካርድ ብካልእ ሽም ከም ቐዋሚ መንበሪ ፍቃድ እውን ይብሃል ኢዩ።

**ሠ) ንኣኻ ምጥራዝ ንቤተሰብካ ኣዚዩ ከቢድ ጸገም ክፈጥር ዝኽእል ድዩ? ቤተሰብካ ፍሉይ ጸገማት ኣለዎምዶ?**

ግሪን ካርድ እንተድኣ ዘይብልኻ – ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ተቐማጢ ኣይኮንካን–ይኹንምበር:-

- በዓልቲ ቤትካ፣ ደቕኻ፣ ወይ ወለድኻ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ወይ ሕጋዊ ተቐማጦ እንተኾይኖምን ዝተፈለዩ ወይ ድማ ዘይልሙድ ጸገማት ስለዘለዉ ንኣኻ ምጥራዝ ኣብዚኦም ሰባት ኣዚዩ ኣጸጋሚ ጸገም ዝፈጥር እንተድኣ ኾይኑ ከምኡውን
- ኣብ ዝሓለፉ 10 ዓመታት ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብዘይምቖራጽ እንተድኣ ተቐሚጥኻ (ኣብ መንጎ እዚ እዋን እንድሕሪ ዘይተጠረዝካን ንነዊሕ እዋን ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ወጻኢ እንተድኣ ዘይገየሽካን) ከምኡውን
- ኣብዚኦም 10 ዓመታት "ጽቡቕ ስነ ምግባር ዘለዎ ሰብ" እንተኾይንካ፣

"ካብ ምጥራዝ ናጻ ናይ ምኧን መሰል" ክትረክብን እቲ ዳኛ እውን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሕ ክፈቕደልካን ይኽእል እዩ፡፡  ካብ ምጥራዝ ናጻ ናይ ምኧን መሰል እንተድኣ ረኺብካ ብተወሳኺውን ፍቓድ ሕጋዊ ተቐማጢ ዝበሃል "ግሪን ካርድ" ትረክብ ኢኻ፡፡

**ረ) ግዳይ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝገጠመኪ ዲኺ?**

ግዳይ ዘቤታዊ ዓመጽ ዝገጠመኪ እንተኾይንኪ ከምኡ እውን

- በዓል ቤትኪ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ወይ ሕጋዊ ተቐማጢ እንተኾይኑን ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ እንተኣውሪዱልኪ ወይ ኸኣ
- ናይ ውላድኪ ወላዲ ኣብ ልዕሊ ውሉድኪ ኣካላዊ ወይ ኣእምሮኣዊ ማህሰይቲ እንተ ኣብጺሑን እዚ ሰብ ከዓ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ወይ ሕጋዊ ተቐማጢ እንተኾይኑን

ከምኡውን

- ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብውሕዱ 3 ዓመት ዝተቐመጥኪ እንተድኣ ኾይንኪ ከምኡውን
- "ጽቡቕ ስነ ምግባር" ዘለኪ ሰበይቲ እንተኾይንኪ

"ብምኽንያት ዘቤታዊ ዓመጽ ካብ ምጥራዝ ናጻ ናይ ምዃን መሰል" ንምርካብ ብቑዕ ክትኮኒን እቲ ዳኛውን ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሒ ክፈቕድ ይኽእል፡፡ ብምኽንያት ዘቤታዊ ዓመጽ ካብ ምጥራዝ ናጻ ናይ ምዃን መሰል እንተረኺብኪ ብተወሳኺውን ፍቓድ ሕጋዊ ተቐማጢ ዝበሃል "ግሪን ካርድ" ትረኽቢ ኢኺ፡፡

## ሰ) ቕድሚ መጋቢት 1997 ብቤት ፍርዲ ገበነኛ ተባሂልካ ትፈልጥዶ?

እንተድኣ:

- ሕጋዊ ተቐማጢ ወይ "ግሪን ካርድ" ዘለካ እንተድኣ ኾይንካ
- ቕድሚ መጋቢት 1997 – ኣብ ገለ መጋባእያታት ቤት ፍርዲ – ገበነኛ ኢኻ ዝብል ብይን ተበይኑ ዝፈልጥ እንተድኣ ኾይኑ ከምኡውን
- በቲ ዝተረጋገጸ ገበንካ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ልዕሊ 5 ዓመት ዘይተቐየድካ እንተድኣ ኮይንካ፤

ብፍሉይ ፍቓድ – a 212(c) ምሕረት ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትጸንሕ ትኽእል ኢኻ፡፡

ከምኡ እውን ዝስዕቡ ረቋሒታት እንተ ኣማሊእካ ነዚ ፍሉይ ምሕረት ብቑዕ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ፡-

- ሕጋዊ ተቐማጢ እንተድኣ ኮይንካ ከምኡ እውን
- ብእሱርነት ኣብ ቤት ማዕሰርቲ ዘሕለፍካዮ እዋን ልዕሊ 5 ዓመት እንተኾነውን ብቤት ፍርዲ ብይን ገበነኛ ዝተብሃልካ ቕድሚ ሕዳር 29, 1990 እንተድኣ ኮይኑ፡፡

212(c) ምሕረት እንተድኣ ረኺብካ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሕን ብተወሳኺ እውን ፍቓድ ሕጋዊ ተቐማጢ ዝበሃል "ግሪን ካርድ" ሒዝካ ንኽትቕጽልን ክፍቐደልካ ይኽእል፡፡

## ሸ) ናብ ሃገርኻ ንከይትምለስ ትፈርህ ዲኻ?

ኣብ ዝሓለፈ እዋን ማህሰይቲ እንተወሪዱካ ወይ ኸኣ ናብ ሃገርኻ እንተድኣ ተመሊስካ ማህሰይቲ ክጓነፍ እኽእል እየ ኢልካ እንተኣሚንካ መሰል "ዕቑባ" ንኽትረክብ ብቑዕ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ፡፡ መበገሲ እቲ ማህሰይቲ ኣብ ታሕቲ ዝተሓበሩ ናትካ ኩነታት ዝተመርኮሰ ክኸውን ኣለዎ፡-

- ዓሌት
- ሃይማኖት
- ዜግነት
- ፖለቲካዊ መርገጽ (ፖለቲካዊ መርገጽ ወይ ኣረኣእያ ክበሃል ከሎ ዘይድሌታዊ ምስዳድ ጥንሲ ወይ ካልእ ዓይነት ኣገደድቲ በዝሒ ህዝቢ መቆጻጸሪ ስጉምቲታት ምቅዋም ክሓውስ ይኽእል)
- ናይ ዝኾነ ማህበራዊ ጉጅለ ኣባልነት (ናይ ዝኾነ ማህበራዊ ጉጅለ ኣባልነት ክበሃል ከሎ ምስ ተመሳሳሊ ጾታ ወይ ምስ ክልቲኦም ጾታታት ርክብ ግብረ ስጋ ዝፍጽሙ ሰባት፣ ንሂወቶም ኣሰጋኢ ዝኾኑ ሕማማት ወይ ናይ ኣእምሮ ሕማም ዘለዎም ሰባት ከምኡውን ሓደሓደ ግዜ ናይ ገበነኛ ጉጅለ ናይ ቐደም ኣባላት ዝኾኑ ሰባት ዝሓቖፈ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡)

ቤት ፍርዲ ብከቢድ ገበን ገበነኛ ኢኻ ኢሉ ዝፈረደሉ ታሪኽ እንተሃሊዩካ መሰል ዕቑባ ንኽትረክብ ብቑዕ ኣይትኸውንን፡፡ ብሓፈሽኡ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ምስ ኣተኻ ኣብ ውሽጢ ሓደ ዓመት መሰል ዕቑባ ንክወሃበካ ክተመልክት ወይ ጥርዓን ክተቕርብ ኣለካ ወይ ኸኣ ብዘይካ ብንጹርን ውሱንን ምኽንያታት ድሕሪ እዚ እዋን መሰል ዕቑባ ንክወሃበካ ክተመልክት ወይ ጥርዓን ክተቕርብ ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ ይኹን እምበር ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ልዕሊ ሓደ ዓመት ንዝጸንሑ ወይ ብከቢድ ገበን ተኣሲሮም ንዝተፈትሑ ሰባት ዘገልግሉ ኣማራጺ ናይ ሓለዋ ዓይነታት ኣለዋ፡፡ (እዚ ድማ “ካብ ምጥራዝ ናጻ ምዃን” ይበሃል፡፡) ናብ መበቆል ሃገርኻ ከይትምለስ እንተድኣ ፈሪሕኻ ብቑዕ ከምትኸውን ንምፍላጥ ነቲ ጠበቓኻ ኣዘራርብ፡፡

መሰል ዕቑባ እንተረኺብካ ድሕሪ ሐደ ዓመት ግሪን ካርድ ንክወሃበካ ክትሓትትን በዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንምምጻእ ክተመልክትን ትኽእል ኢኻ፡፡ ከምኡ እውን ኣብ ስራሕ ንምውፋር ወይ ንምንጣፍ፣ ገዛ ንምርካብን ናይ ሕክምና ሓገዛት ተጠቃሚ ንክትኸውንን ብቑዕ ትኸውን ኢኻ፡፡ ኮይኑ ግና መሰል ዕቑባ እንተረኺብካ እቲ ግሪን ካርድን ናይ ሕጋዊነት ደረጃኻ ከይትምንጠል ናብ መበቆል ሃገርኻ ከይትገይሽ ግቡእ ጥንቃቐ ክትገብር ኣለካ፡፡

ካብ ምጥራዝ ናጻ ናይ ምዃን መሰል እንተረኺብካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ኮይንካ ክትነብርን ክትሰርሕን ትኽእል ኢኻ። ይኹን እምበር ግሪን ካርድ ክትረክብን በዓልቲ ቤትካን ደቅኻን ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክተምጽእን ኣይትኽእልን፡፡ ካብ ምጥራዝ ናጻ ናይ ምዃን መሰል ክብሃል ከሎ ማህሰይቲ ከይዳነፈካ ናብ ትፈርሖ ሃገር ክትምለስ ኣይትኽእልን ማለት እዩ፡፡ ከምኡ እውን ብቕዳምነት ካብ DHS ፍቓድ እንተይረኸብካ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተወጺእኻ፤ ብፍላይ ድማ ዝገሸካሉ ዓዲ እቲ ማህሰይቲ ከይዳነፍካ ናብ ትፈርሖ ሃገር እንተኾይኑ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተመሊስካ ክትኣትው ዘይትኽእለሉ ኩነታት ከምዘሎ ክትፈልጥ ኣለካ፡፡ ርግጸኛ ዘይኮንካ ኣብ ጠበኻ ተወከስ፡፡

**ቀ) ናብ ሃገርካ እንድሕሪ ተመሊስካ መግረፍቲ ክበጽሐካ ይኽእልዶ?**

ናብ ሃገርካ እንተድኣ ተመሊስካ ብመንግስቲ ወይ ንመንግስቲ ብዝሰርሑ ሰባት ኣደዳ መግረፍቲ ትኾነሉ ሓደጋ እንተሓሊዩ ብመሰረት "ውዕል (ኮንቬንሽን) ኣንጻር መግረፍቲ" መሰል ሓለዋ ክትረክብ ትኽእል፡፡ ኾይኑ እውን ግሪን ካርድ ንኽትረክብን በዓልቲ ቤትካ ወይ ደቕኻ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንምምጻእ ክትሓትትን ኣይትኽእልን፡፡ ብመሰረት ኮንቬንሽን ኣንጻር መግረፍቲ መሰል ሓለዋ እንተድኣ ረኺብካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትጸንሕ ትኽእል። ይኹን እምበር ኣብ ዝኾነ እዋን ካብዚ ዓዲ እንተወጺእካ ተመሊስካ ንኽትኣትው ፍቓድ ከይትረክብ ትኽእል፡፡ ከምኡ እውን ከም ናትካ ውልቃዊ ኩነታት ንመግረፍቲ ናብ ዘይትቓላዓሉ ካልእ ሃገር ክትጥረዝን ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ኮይንኻ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክትጸንሕን ትኽእል፡፡

**በ) ካብ ሕዳር 1, 1972 ጀሚርኻ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተቐሚጥካዶ?**

ካብ ሕዳር 1, 1972 ጀሚርካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተተቐሚጥካን ጽቡቕ ስነ ምግባር ዘለካ ሰብ እንተኾይንካን ን"ምዝገባ" ብቑዕ ክትኸውን ትኽእል፡፡ ሕጋዊ ተቐማጢ ክትኸውንን ግሪን ካርድ ክትረክብን ትኽእል ኢኻ፡፡

**ተ) ካብ ኒካራጓ፣ ኩባ፣ ኤል ሳልቫዶር፣ ጓቲማላ፣ ሃይቲ ካብ ናይ ቐደም ሶቪየት ሕብረት ሃገራት ዝመጻእኻ ዲኻ?**

እዞም ዝስዕቡ ረቋሒታት ተማልእ ሰብ እንተኾይንካ NACARA ብዝበሃል ሕጊ ናይ ስደተኝነት መሰል ንኽትረክብ ብቑዕ ትኸውን፡- ሀ) ቅድሚ ሕጅ ዘይተጠረዝካ ሰብ እንተኾይንካ፣ ለ) "ጽቡቕ ስነ ምግባር" ዘለካ ሰብ እንተኾይንካ፣ ሐ) ብከድ ገበን ገበነኛ ኮይንካ ዘይትፈልጥ ሰብ እንተኾይንካ፣ ከምኡውን፡-

- መበቖል ሃገርካ ኒካራጓ ወይ ኩባ ኮይኑ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ቕድሚ ታሕሳስ 1, 1995, ዝኣተኻን ንፍሉይ ሓገዛት ቕድሚ መጋቢት 1, 2000 እንተኣመልካ፣
- መበቖል ሃገርካ ኤል ሳልቫዶር ኮይኑ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ቕድሚ መስከረም 20, 1990 ዝኣተኻን ንፍሉይ ሓገዛት እንተ ተመዝጊብኻን፣
- መበቖል ሃገርካ ጓቲማላ ኮይኑ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ቕድሚ ጥቅምቲ 2, 1990 ዝኣተኻን ንፍሉይ ሓገዛት እንተ ተመዝጊብካን፣ ወይ
- መበቖል ሃገርካ ኤል ሳልቫዶር ወይ ጓቲማላ ኮይኑ መሰል ዕቑባ ንምርካብ ቕድሚ መጋቢት 2, 1990 እንተኣመልኪትኻ፣
- መበቖል ሃገርካ ካብ ናይ ቐደም ሶቪየት ሕብረት ሃገራት መንኦ ኮይኑ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ቕድሚ መጋቢት 1, 1991 ዝኣተኻን መሰል ዕቑባ ንምርካብ ቕድሚ መጋቢት 1, 1992 እንተኣመልኪትካ፣

መሰል NACARA እንተረኺብካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትጸንሕ ፍቓድ ትረክብ፡፡

ከምኡ እውን መበቆል ሃገርካ ኣብ ሓደ ካብዞም ዝስዕቡ ሃገራት ኮይኑ ብከቢድ ገበን ወይ ብኽልተን ብዝዛይዱን ቀሊል ገበናት ዘይነበረካን እንተኾይንካ ኣብ ኣመሪካ ክትጸንሀ ትኽእል ኢኻ ኣብ ዝኣተኻሉ ዕለት ብምምርኳስ፥ ኤልሳልቫዶር፡ ሀይቲ፡ ሆንዱራስ፡ ኔፓል፡ ኒካራጋዋ፡ ሶማልያ፡ ሱዳን፡ ሶርያ፡ ወይ የመን። ኣብ ዜግነትካ መሰረት ብምግባር ንTemporary Protected Status (ግዝያዊ ናይ ሓለዋ ኩነታት) ብቑዕ እየ ኢልካ ትሓስብ እንተኾይንካ ብኽብረትካ ምስ ጠበቓኻ ተማኸር።

**ቸ) ዘስካሕክሕ ማህሰቲ ዘውረደልካ ገበን ግዳይ ኮይንካ ትፈልጥዶ?**

እንተድኣ:

- ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ግዳይ ኮይንካ፣
- ብምኽንያት ግዳይነት ከቢድ ኣካላዊን ኣዕምሮኣዊን ማህሰያ እንተ ተጓኒፍካን
- ንሰበ ስልጣናት መኽበርቲ ሕጊ ሓገዝ እንተሒብካ ወይ ክትሓብእ ትኽእል እንተኮይንካ

,

U ቪዛ ዝበሃል ፍሉይ ቪዛ ንክወሃበካ ክተመልክት ትኽእል፡፡

U ቪዛ እንተረኺብካ ብግዜያዊነት ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ኮይንኻ ትጸንሕ ኢኻ፡፡ ይኹን እምበር ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ብተወሳኺ እውን መሰል ሕጋዊ ተቐማጢ ዝበሃል "ግሪን ካርድ" ንክወሃበካ ከተመልክትን ክትረክብን ትኽእል ኢኻ፡፡

**ነ) ብዛዕባ ገበነኛ ትካል ኣገዳሲ ሓበሬታ ኣለካ ዲኻ?**

እንተድኣ:

- ብዛዕባ ገበነኛ ትካል ኣዚዩ ኣገዳሲን ዝእመንን ሓበሬታ እንተሃሊዩካ፣
- ነዚ ሓበሬታ ንሰበ ስልጣናት ኣኽበርቲ ሕጊ እንተሂብካ ወይ ኸኣ ነዚ ሓበሬታ ንሰበ ስልጣናት ኣኽበርቲ ሕጊ ንምሃብ ወለንተኛ እንተኮይንካ ከምኡ እውን
- ሰበ ስልጣናት ኣኽበርቲ ሕጊ ኣብ ልዕሊ ገበነኛ ትካል ንዝገብሩዎ ምርመራን ጎስጓስን ንስኻ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ምጽናሕካ ኣገዳሲ እዩ ኢሎም እንተወሲኖም፡፡

S ቪዛ ዝበሃል ፍሉይ ቪዛ ክትረክብ ትኽእል ኢኻ፡፡

S ቪዛ እንተረኺብካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ኮይንካ ትጸንሕ ኢኻ፡፡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ብተወሳኺ እውን መሰል ሕጋዊ ተቐማጢ ዝበሃል “ግሪን ካርድ” ንክወሃበካ ከተመልክትን ክትረክብን ትኽእል ኢኻ፡፡

**ኘ) ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ግዳይ ዘይሕጋዊያን ኣስገርቲ ሰብ ኮይንካ ትፈልጥዶ?**

ምስጋር ሰብ ክበሃል ከሎ ሓደ ሰብ ብዘይድሌቱ፣ ንክፈርህ ተገይሩ ወይ ተታሊሉ ብዘይድሌቱ ንኽነጥፍ ክግበር ከሎ ወይ ጾታዊ ምዝመዛ ክጓነፍ ከሎ እዩ፡፡ ነዚ ገለ ኣብነታት ሓደሓደ ግዜ ደቅ ኣንስትዮ ብዘይድሌቶም ነብሶም ንክሸጡ ወይ ኣብ ገዛ ኣገልጋሊት (ከዳሚት) ንክኾኑ ዝግበረሉ ኩነታት ኣሎ፡፡ አወዳትን ዓበይቲ ሰባትን ብዘይድሌቶም ኣብ ሕንጻት፣ ሕርሻ ወይ ኣብ ፋብሪካ ንኽነጥፉ ይግበሩ፡፡ ብኻሊእ መዳይውን ደቅ ኣንስትዮ ንጉልበተን ደቂ ተባዕትዮ ንስጋዊ ርክብ አደዳ ዘይሕጋዊያን ኣስገርቲ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡ ኣብ ገለ እዋን ናይ ዘይሕጋዊ ምስጋር ሰብ ግዳይ ዝኾኑ ሰባት መብዛሕቲኡ እዋን ንኦም ናብ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንምምጻእ ምስ ዝወጽአ ወጻኢ ተተሓሒዙን ንምግቢን ንመነበሪ ገዛን ዝኸውን ወጻኢ ንምሽፋንን ዕዳኦም ንምኽፋልን ኣብ ዝርከባሉ ኩነታት ክጸንሑ ክምዘለዎም ይንገሮም፡፡ እዚኦም ግዳያት ሓደሓደ ግዜ ምስ ሰባ ዘይራኽቡን ካብ ዝርከባሉ ኩነታት ክወጽኡ ከምዘይኽእሉ ንኽኣምኑ ዝተገበሩ ሰባት እዮም፡፡ ኣብ ገለ ገለ እዋን አደዳ ዘይሕጋዊ ምስጋር ዝኾኑ ሰባት ከምዘይሃድሙ ንምርግጋጽ ዘለዎም ፓስፖርት፣ ታሴራን ገንዘብን ይምንጠሉ እዮም፡፡ ከምኡ እውን እዚኦም ግዳያት ዘይሕጋዊ ምስጋር ከምቲ ዝተነገሮም እንድሕሪ ዘይገበሩ ኣብ ርእሶም ወይ ኣብ ኣባላት ስድራ ቤቶም ኣካላዊ ማህሰይቲ ክበጽሕ ከምዝኽእል መፈራረሒ ይበጽሖም እዩ፡፡

እንተድኣ:

- ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ግዳይ ዘይሕጋዊያን ኣስገርቲ ሰብ ኮይንካ ትፈልጥ እንተኾይንካ፣
- ብዛዕባ ተግባር ዘይሕጋዊ ምስጋር ሰብ ኣብ ዝግበር ምርመራ ወይ ኣብዚ መዳይ ኣብ ዝህልው ክሲ ንሰበ ስልጣናት መኽበርቲ ሕጊ ሓገዝ ንምሃብ ወለንተኛ እንተኾይንካ (እዚ ዝጥለብ ንዓበይቲ ሰባት ጥራይ እዩ) ከምኡውን
- ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተድኣ ተጠሪዝካ ኣዚዩ ከቢድ ማህሰይቲ ዝትጓነፍካ እንተድኣ ኮይንካ

ኣብ ርእስኻ ዘይሕጋዊ ምስጋር ኣብ ዝፈጸሙ ሰባት ኣብ ምክሳስ ንሰበ ስልጣናት አኽበርቲ ሕጊ እንተሓጊዝካ ፍሉይ ቪዛ፣ T ቪዛ ወይ “ብቐጻሊነት ምንባር” ዝበሃል ግዜያዊ ደረጃ ክትረክብ ትኽእል፡፡

T ቪዛ እንተረኺብካ ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ኮይንኻ ትጸንሕ ኢኻ፡፡ ድሕሪ ዝተወሰነ እዋን ብተወሳኺውን መሰል ሕጋዊ ተቐማጢ ዝበሃል “ግሪን ካርድ” ንክወሃበካ ከተመልክትን ክትረክብን ትኽእል ኢኻ፡፡

**3. ጠበቓ ኣለካዶ?**

ሀ) ጠበቓ ንሕጋዊ ሕቶታትኻ መልሲ ዝህብን ኣብ ቤት ፍርዲ ንኣኻ ወኪሉ ዝጠበቕን እዩ፡፡

- ጠበቓ እንተሃሊዩካ ንኣኻ ወኪሉ ንኽጣበቐ ንገር፡፡

ለ) ጠበቓ እንተሃሊዩካ ኣብ ናትካ ቐዳማይ መጋባእያ ምሳኻ ክርከብን ጠበቓኻ ከምዝኾነ ነቲ ዳኛ ክነግሮ ኣለዎ፡፡ ምስ ጠበቓኻ ጸገም እንተሃሊዩካን ክተሰናበቶ እንተደሊኻን ብኽብረትካ ነቲ ዳኛ ተዛረብ ወይ ኸኣ ምስ ወለንተኛ ጠበቓ ተዘራረብ፡፡

**4. ጠበቓ ክትረክብ ትፍትን ትደሊ ዲኻ?**

ሀ) ጠበቓ ዘይብልካ እንተኾይንካን ንምቑጻር ገንዘብ እንተሃሊዩካን ብዝተኽኣለ መጠን ብቅልጡፍ ጠበቓ ርኸብ፡፡

ለ) ጠበቓ ክትረክብ እናደለኻ እናሃለኻ እቲ ጠበቃ ኣብ ናትካ ቀዳማይ መጋባእያ ምሳኻ ክርከብ ዘይኽእል እንተኮይኑ ጠበቓ ትረኽበሉ እኹል ግዜ ንክወሃበካ ነቲ ዳኛ ሕተት፡፡ ዳኛ ጉዳይኻ ዝረኣየሉ መጋባእያ ኻሊእ መዓልቲ ክህበካ ይኽእል፡፡

ሐ) ንጠበቓ ትኸፍሎ ገንዘብ ዘይብልካ እንተኸይንካ ብዘይገለ ክፍሊት ጉዳይካ ሒዙ ብናጻ ክጣበቐ ዝኽእል ጠበቓ ክትረክብ ኣለካ፡፡ ብዘይ ክፍሊት ዝሰርሑ ጠበቓታት ዝርዝር እቲ ቤት ፍርዲ ክህበካ ክትሓትት ትኽእል፡፡

**5. ብወለንተኝነት ንምውጻእ ክትሓትት ትደሊዶ?**

ኣብ ጉዳይኻ ክትካታዕ እንተዘይደለኻ "ብወለንተኝነት ምውጻእ" ክትሓትት ትደሊ ትኸውን

ሀ) ኣብ ዝስዕቡ ኩነታት ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብወለንተኝነት ምውጻእ እቲ ብሉጽ ኣማራጺ ክኸውን ይኽእል፦

- ዝኾነ ናይ ከቢድ ገበን ታሪኽ ዘይብልካ እንተኾይንካ ከምኡውን
- ኣብ ኣንጻር ምጥራዝ ዝኾነ መከላከሊ ዘይብልኻ እንተኾይንካ፡፡

ለ) ብወለንተኝነት ናይ ምውጻእ ረብሓታት፦

- ናይ ምጥራዝ ትእዛዝ ከይተቐበልካ ብወለንተኝነት ምውጻእ ምርጫኻ እንተገይርካ መብዛሕቲኡ እዋን ንመጻኢ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብሕጋዊ ኣገባብ ተመሊስካ ምምጻእ ቀሊል እዩ ዝኸውን፡፡
- ብወለንተኝነት እንተወጺእካ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ትምለሰሉ እዋን ናይ ምስጓግ (ምጥራዝ) ትእዛዝ እንተበጺሑካ ክሕልው ካብ ዝኽእል እዋን ኣንጻር ክረኣይ ከሎ ነዊሕ ኣይኸውንን፡፡

ናይ ምስጓግ (ምጥራዝ) ትእዛዝ በጺሑካ ብዘይሕጋዊ መገዲ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተመሊስካ ምምጻእ ዘስዕቦ ናይ ገበን ተሓታታኒት ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲን ክሳብ 20 ዓመት ዝበጽሕ ማእሰርቲ እዩ፡፡ ብወለንተኻንነት ምስ ወጻእካ ብዘይሕጋዊ መገዲ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተመሊስካ ምምጻእ ዘስዕቦ ናይ ገበን ተሓታታኒትን እዋን ማእሰርቲን ብዝያዳ ሓጺር እዩ፡፡

ሐ) ኣብቲ ናትካ ቐዳማይ እዋን መጋባእያ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብወለንተኻንነት ንምውጻእ እንተደሊኻ ክትገብር ዘለካ፡-

- ብወለንተኻንነት ንምውጻእ ሕቶኻ ነቲ ዳኛ ኣቕርብ፣
- ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ከምትወጽእ እመን ከምኡውን
- ከምዘይትካታዕ ወይ ኣብ ጉዳይኻ ይግባይ ከምዘይትብል እመን፡፡

ናይ ከቢድ ገበን ታሪኽ እንተሃሊዩካ ወይ ኸኣ ኣብ ሕሉፍ እዋን ብወለንተኻንነት ናይ ምውጻእ መሰል ዝረኸብካ እንተኾይንካ ሕጅ ብወለንተኻንነት ናይ ምውጻእ መሰል ክትረክብ ኣይትኽእልን፡፡

መ) ብወለንተኻንነት ናይ ምውጻእ መሰል እንተረኺብካ፡-

- ከምዘድልየካ ዝተሓበርካዮ ዝኾነ ናይ መጉዓዝያ ሰነዳት ክትረክብ ኣለካ፡፡ እዚ ክበሃል ከሎ ድማ ምስ ፓስፖርትኻ እዩ፡፡ ነዚኦም ሰነዳት ክትረክብ ምእንታን ብኢሚግሬሽን ዝወሃበካ ሓገዝ የለን።
- ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትወጽእ ኣለካ ከምኡ እውን
- ናይ መጉዓዝያ ትኬት ክፍሊትካ ባዕልኻ ክፈል፡፡

ከምኡ እውን ኣብ መዋዕል ሂወትካ ክወሃበካ ዝኽእል ብወለንተኻንነት ናይ ምውጻእ መሰል ሓደ ጥራይ ከምዝኾነ ክትፈልጥ ኣለካ፡፡ ሰነዳት መጉዓዝያ ወይ ትምለሰሉ ትኬት ክፍሊት ኣይረክብን ኢልካ እንተገሚትካ ናይ ምስጓግ (ምጥራዝ) ትእዛዝ ክትቕበል ትኽእል፡፡ እንደገና ብወለንተኻንነት ናይ ምውጻእ መሰል እንተድኣ ረኺብካ ኣብ መዝገብካ ናይ ምስጓግ (ምጥራዝ) ኣይርከብን እዩ ማለት እዩ፡፡ እዚ ድማ ንመጻኢ እዋን ብሕጋዊ ኣገባብ ተመሊስካ ክትመጽእ ምእንታን ኩነታት ቀሊል ይገብረልካ እዩ፡፡

ሠ) ካብ መጋቢት 1, 1997 ጀሚሩ ብወለንተኻንነት ናይ ምውጻእ መሰል እንተድኣ ረኺብካን ዕድመኻ 18 ዓመት ምስ መልአ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ካብ ሓደ ዓመት ንዝዛይድ እዋን እንተጸኒሕካን ን10 ዓመት ሕጋዊ ኮይንካ ክትምለስ ኣይትኽእልን፡፡ ዕድመኻ 18 ዓመት ምስ መልአ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ካብ 180 መዓልቲ ንዝዛይድ እዋን ( እዚ ድማ ኣዝታት 6 ወርሒ እዩ) እንተጸኒሕካን ን3 ዓመት ሕጋዊ ኮይንካ ክትምለስ ኣይትኽእልን፡፡ ይኹን እምበር ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ወጻኢ ምዃንካ ወይ ኣብዚ ዓዲ ዘይምንባርካ ዜጋ ወይ ሕጋዊ ተቐማጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ኣብ ዝኾነት በዓልቲ ቤትካ፣ ወላዲኻ

ወይ ውላድኻ ኣዚዩ ኣጸጋሚ ኩነታት ከምዝፈጥር ክተርእይ ወይ ክተረጋግጽ እንተድኣ ኪኢልካ ቕድሚ 3 ወይ 10 ዓመት ተመሊስካ ክትኣትው ምእንታን ፍሉይ ምሕረት ንኽትረክብ ክተመልክት ወይ ጥርዓንካ ክተቕርብ ትኽእል ኢኻ፡፡

ረ) ብወለንተኝነት ናይ ምውጻእ መሰል እንተድኣ ረኺብካን ብወለንተኝነት ንኽትወጽእ ኣብ ዝተነጸረልካ እዋን እንድሕሪ ዘይወጻእካን እቲ ትእዛዝ ሽዑ ንሽዑ ናይ ምጥራዝ ትእዛዝ ይኸውን እዩ፡፡ በዚ መሰረት እዚ እውን ናይ ገንዘብ መቕጻዕቲ ይጽበየካ እዩ፡፡ ከምኡ እውን ብድሕሪኡ ን10 ዓመት ዝኣክል እዋን ናይ ኢሚግሬሽን ደረጃኻ ንምቕያር ዘይብቑዕ ትኸውን ኢኻ፡፡

ሰ) ብወለንተኝነት ናይ ምውጻእ መሰል እንተድኣ ረኺብካን ብዘይገለ ፍቓድ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተተመሊስካን ኣብ ትሕቲ ቐይዲ ኣቲኻ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ትስጎግ (ትጥረዝ) ኢኻ፡፡

### 6. ንኽትስጎግ (ንኽትጥረዝ) ክትሓትት ትደሊ ዲኻ?

ክትዕ ዘይትደሊ እንኾይንካን ብወለንተኝነት ናይ ምውጻእ መሰል ንምርካብ ዘይብቑዕ እንተኾይንካን ንኽትስጎግ (ንኽትጥረዝ) ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡ ክትዕ እንድሕሪ ዘይገበርካ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንኽትወጽእ ክትእዘዝ ኢኻ፡፡

#### II. ዳኛ ዝውስኖ ውሳነ ከመይ እዩ?

ኣብ ጉዳይካ ክትካታዕ እንተወሲንካ ተወሳኺ መጋባእታት ኣለካ፡፡ ኣብዚኦም መጋባእያታት ንኣኻ ምስጓግ (ምጥራዝ) ዘይግቡእ ዝኾነሉ ምኽንያት እንታይ ከምዝኾነ ብንጹር ዝሕብር ሓበሬታ ንዳኛ ኣቕርብ፡፡ ጠበቓ እንተዘይብልካ ድማ ንርእስኻ ክትጣበቕን ክትዛረብን ትኽእል፡፡ እቲ ናይ መንግስቲ ጠበቓ ንስኻ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ንምንታይ ክትስጎግ (ክትጥረዝ) ንምንታይ ግቡእ ከምዝኾነ ይፍትን እዩ፡፡ እቲ ዳኛ ንክልቲኹም ሰሚዑ ወሳነ የሕልፍ እዩ፡፡ እቲ ዳኛ ኩሉ ሓበሬታ ምስ ረኸበ ውሳነኡ የሕልፍ እዩ፡፡

#### III. እቲ ዳኛ ክቕየር ይኽእልዶ?

ሀ. ኣብቲ ክትዕ እቲ ዳኛ ተጋጊዩ እዩ ኢልካ እንተኣሚንካ ኣብ ናትካ ጉዳይ ይግባይ ናይ ምሕታት መሰል ኣለካ፡፡ እዚ ድማ ጉዳይካ ብኻሊእ ዳኛ ይምርመር ማለት እዩ፡፡

ለ. ይግባይ ክትብል እንተደሊኻ እቲ መጋባእያ ክዛዘም ከሎ ነቲ ዳኛ ክትዛረብን ብይን ዳኛ ምስተሃበ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ (30) መዓልቲ ናትካ ምልክታ ይግባይ ናብ ቦርድ ይግባይ ኢሚግሬሽን ክተቕርብ ኣለካ፡፡

ሐ. መስርሕ ይግባይ፣ ኣስታት ካብ 3 ክሳብ 6 ወርሒ ክወስድ ይኽእል። ሓደሓደ ግዜ ካብዚ ዝሓጸረ እዋን ክወስድ ከሎ ኣብ ሓደሓደ ግዜ ድማ ዝነወሐ እዋን ክወስድ ይኽእል፡፡ መብዛሕትኡ እዋን መዕልባ ክሳብ ትረክብ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ክትጸንሕ ኣለካ፡፡ ኣብቲ ቐዳማይ ይግባይ እንተዘይተዓወትካን ናብ ካሊእ ቤት ፍርዲ (ናይ ፌደራል ተዘዋዋሪ ቤት ፍርዲ ይግባይ) ይግባይ ንምባል እንተወሲንካን እቲ ይግባይ መዕልቦ ክሳብ ዝረክብ ነዊሕ እዋን፣ ሓደሓደ ግዜ ካብ 1 ክሳብ 2 ዓመት ክወስድ ይኽእል፡፡

**IV. ካብ ቤት ማዕሰርቲ ምውጻእ ዝከኣል ነገር ድዩ?**

ሀ. ገለ ሰባት ዝተሓዝ ትሕጃ (bond) ዝበሃል ገንዘብ ከም ውሕስነት እንተኸፊሎም ካብ ቤት ማዕሰርቲ ክወጽኡ ይኽእሉ፡፡ ነቲ ዝተሓዝ ትሕጃ (bond) ዝበሃል ገንዘብ እንተኸፊልካ ጉዳይካ ናብ ዝረኣየሉ ነፍስ ወከፍ መጋባእ ቤት ፍርዲ ክምትቐርብ ወይ ክምትርከብ መብጽዓ ክትኣትው ኣለካ፡፡ ዝተሓዝ ትሕጃ (bond) መጠኑ ብውሑዱ $1,500 ኮይኑ ኣብ ሓደሓደ እዋን ብጣዕሚ ዝዛይድ እዩ፡፡ ኣብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ክይተረኽብካ እንተተሪፍካ ነቲ ዝኸፈልካዮ ገንዘብ ኣይምለሰካን፡፡ ኮይኑውን ናይ ምስጓግ (ምጥራዝ) ትእዛዝ እንተተዋሂቡካ እቲ ገንዘብ ይምለሰልካ እዩ፡፡ ይኹንምበር እቲ ገንዘብ ክምለሰልካ ምእንታን ንኽትወጽእ (ንኽትጥረዝ) ምስ ተኣዘዝካ ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ብሓቒ እውን ከምዝወእካ መረጋገጺ ንምንግስቲ ክተቕርብ ኣለካ፡፡ መብዛሕትኡ እዋን ኣብ መበቈል ሃገርካ ናብ ዝርከብ ቆንስላ ወይ ኤምባሲ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ክትኸይድን ብቤት ጽሕፈት ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝተመልአ ቕጥዒ ምስረኽብካ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ናብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ትሕጃ ኢሚግሬሽን ነቲ ቕጥዒ ክትልእኽ ኣለካ፡፡

ለ. ካሊእ ሰብ ንኣኻ ዝተሕዝ ገንዘብ ክኸፍል ወይ ነቲ ገንዘብ ንቤት ፍርዲ ክህብ ይኽእል፡፡ ከምዚ ዝገብር ሰብ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ወይ ሕጋዊ ተቐማጢ (“ግሪን ካርድ ዘለዎ”) ሰብ ክኸውን ኣለዎ፡፡ ኩሉ ነገር ከምቲ ዝጥለብ እንተገይርካ ነቲ ትሕጃ ዝኸፈለ ሰብ ኩሉ ዘትሓዞ ገንዘብ መሊሱ ይረክብ፡፡ እቲ ዝተትሓዘ ገንዘብ መሊስካ ንምርካብ ኣብ ኩሎም ናይ ቤት ፍርዲ ቖጸሮታትካ ኣብ መጋባእያ ከምዝተረኽብካ ምርግጋጽኻ ብዝያዳ ኣገዳሲ ነገር እዩ፡፡

ሐ. ንኣኻ ከም ውሕስነት ዝተሓዝ ገንዘብ ክተሕልፍ እንተክኢልካ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ክትወጽእ ትኽእል ኢኻ፡፡ ኩሎም ናትካ መጋባእታት ዝውዕሉ ካብቲ ቤት ማዕሰርቲ ኣብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ እዮም፡፡

መ. ተቐማጢነትካ ካብቲ ቤት ማእሰርቲ ኣዚዩ ብርሑቕ ኣብ ዝርከብ ቦታ እንተድኣ ኾይኑ ጉዳይኻ ኣብ ዝትቐመጠሉ ቦታ ኣብ ቐረባ ናብ ዝርከብ ቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ንኸዛውረልካ ነቲ ዳኛ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡ እቲ ዳኛውን ኣይኮንን ክብለካ ይኽእል፡፡ እዚ ክኸውን ከሎ እቲ ዳኛ ጉዳይካ ከምዝረኣየሉ ናብ ዝሓበረካ ቤት ፍርዲ ክትኸይድ ኣለካ፡፡ ኣብ መጋባእያ ከይተረኸብካ እንተድኣ ተሪፍካ እቲ ዳኛ ብቐሊሉ ስለዝተረፍካ ጥራይ ንኽትስጎግ (ንኽትጥረዝ) ክእዝዝን ነቲ ንኣኻ ውሕስና ዘትሐዝካዮ ገንዘብውን ክትስእን ትኽእል፡፡

ሠ. ብዛዕባ ናትካ ኣድራሻ ዘሎ ዝኾነ ለውጢ እቲ ለውጢ ምስ ተገበረ ኣብ ውሽጢ 5 መዓልቲ ንቤት ፍርዲ ኢሚግሬሽን ክተፍልጥ ኣለካ፡፡ ከምኡ እውን ኣድራሻ ምስ ቐየርካ ኣብ ውሽጢ 10 መዓልቲ ነቲ ሓድሽ ኣድራሻኻ ን DHS ክተፍልጥ ኣለካ፡፡ ነዚ ሓበሬታ ነቲ ቤት ፍርዲ ከምኡውን ን DHS እንድሕረ ዘየፍለጥካ ኣገዳሲ ዝኾኑ ናይ ቤት ፍርዲ ቖጸሮ ምልክታታት ከይትረክብ ትኽእል፤ በዚ መሰረት እውን ንኽትጥረዝ ትእዛዝ ክወጽኣልካ ይኽእል፡፡

**V. መጋባእያ ዝተሓዝ ገንዘብ (Bond) እንታይ እዩ?**

ሀ. ሓደሓደ ግዜ ናብ ቤት ፍርዲ ምቕራብካ ገንዘብ ናይ ምትሓዝ መሰል ስለዘይወሃበካ ካብ ቤት ማእሰርቲ ንክትወጽእ ዝተሓዝ ገንዘብ ክተትሕዝ ኣይትኽእልን፡፡ ኣብ ገለ እዋን ድማ እቲ መጠን ገንዘብ ሓያሎ እዩ፡፡ ዳኛ ብዝተሓዝ ገንዘብ ዋሕሲ ናይ ምውጻእ መሰል ንኽትረክብ ወይ እቲ ዝተሓዝ ገንዘብ መጠኑ ንኽንክይ ዝገብር ዋኒንካ ዝረኣየልኻ መጋባእያ ንክህበካ ሕተት፡፡ ይኹን እምበር ዝስዕብ ግቡእ ጥንቐቕ ክትገብር ኣለካ፡፡

- ዝያዳ ተዳለው፡፡ ምናልባት ዘለካ ናይ ትሕጃ መጋባእያ ሓደ ጥራይ ክኸውን ይኽእል፡፡
- እቲ ዳኛ መጠን ዝተሓዝ ገንዘብ ዝነከየ ንኽገብረልካ ትደሊ ትኸውን፡፡ ኮይኑ ግና እቲ ዳኛ ብኣንጻር ካብቲ ፈላማይ ዝዛይድ መጠን ዝተሓዝ ገንዘብ ከምኡውን ካብቲ ቤት ማዕሰርቲ ክትወጽእ ኣይትኽእልን ኢሉ ክውስንውን ዝኽእለሉ ዕድል ኣሎ፡፡

ለ. ኣብ ናትካ መጋባእያ ዝተሓዝ ገንዘብ ነቲ ዳኛ ዝስዕቡ ኩነታት ክተርእይ ወይ ክተረጋግጽ ኣለካ፡- (1) ሓደጋ ናይ ምስዓብ ተኽእሎ ሰብ ከምዘይኮንካ ከምኡ እውን (2) ኣብ ኩሎም መጋባእያታትኻ ኣብ ቤት ፍርዲ ከምዝትርከብ፡፡ ነዚ መረጋገጺ ወይ መርትዖ ንዳኛ ንምቕራብ ክትገብሮ ዝትኽእሎ፡-

- ጽቡቕ ሰብ ከምዝኾንካ ዝሕብሩ ብቖጸርቲኻ፣ ቤተሰባት፣ ሃይማኖታዊ መራሕቲ ወይ ኣፋኹቲኻ ዝተጽሓፉ ደብዳበታት ነቲ ዳኛ ሃብ፡፡ እዚኦም ሰባት ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ስደተኛታት እንተድኣ ኾይኖም ብዛዕባኻ ምስክርነቶም ንዳኛ ንምሃብ ናብቲ ቤት ፍርዲ ክመጽኡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ዝኾነ ሰብ ናብቲ ቤት ፍርዲ ክመጽእ ዘይከኣለሉ ኩነታት እንተጋጢሙ ነዚኦም ሰባት ብቴሌፎን ንምዝርራብ ነቲ ዳኛ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ፡፡

- ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝተወለደ ዝኾነ ኣባል ስድራ ቤትኻ ወረቐታት ምስክር ልደት ወይ ኸኣ ዝኾኑ ኣዝማድካ ወይ ቤተሰብካ ኣብ ውሽጢ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ሕጋዊ ተቐመጥቲ ከምዝኾኑ ዘርእዩ ወረቐታት ወይ ካርድታት ቅዳሕ ነቲ ዳኛ ኣቕርብ፡፡ ምስ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ሓዳር ዝገበርካ እንተኾይንካ ናይ ሓዳር ወረቐት ምስክር ቅዳሕን በዓልቲ ቤትካ ናይ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዜጋ ከምዝኾነ/ት መረጋገጺ መርትዖን ነቲ ዳኛ ኣቕርብ፡፡
- ብዝኾነ ገበን ገበነኛ ዝኾንካሉ ታሪኽ እንተሃሊዩካ ነቲ ዳኛ ከምዝተቐየርካ መረጋገጺ ብፍላይ ወረቐታት ምስክር ፕሮግራም ሪሃብሊቴሽን ወይ ዝተምሃርካዮም ትምህርቲታት ወረቐት ምስክር ክተቕርብ ኣለካ፡፡
- ኣብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ዝተምሃርካዮ ትምህርቲ እንተሃሊዩ – ንኣብነት ትምህርቲ ቋንቋ እንግሊዝኛ፣ ሕርቓን ምቁጽጻር ወይ ናይ ወላዲነት ኽእለት መደንፍዒ ትምህርቲ – ናይ ምረቓ ወረቐታት ምስክር ነቲ ዳኛ ኣቕርብ፡፡
- ግብሪ ዝኸፈልካሎም ወረቐታት ቅዳሕ ነቲ ዳኛ ሃብ፡፡
- ኣብ ስራሕካ ዝትረኽቦ መሃያ ክፍሊት ሰነዳት ቅዳሓት ነቲ ዳኛ ሃብ፡፡

ሐ. ምድላው ክትገብር ኣለካ፡፡

- ኩሉም ሰነዳትካ ኣካኪብን ኣመዓራርይን፡፡
- እንተኺእልካ ንጠበቓ መንግስቲን ነቲ ዳኛን ተወሳኺ ቅዳሓት ብሓፈሽኡ 3 ቅዳሓት ኣዳልው፡፡

**VI. ምስ ተሰጎግካ (ምስ ተጠረዝካ) እንታይ ፍጻመ ክሕልው ይኽእል?**

ሀ. እዚ ናይ ምስጓግ (ምጥራዝ) ትእዛዝ ዘወሃበካ ንፈላማይ እዋን እንተኾይኑን ብከቢድ ገበን ገበነኛ ናይ ምዃን ታሪኽ ዘይብልካ እንተኾይንካ ን10 ዓመታት ብሕጋዊ ኣገባብ ተመሊስካ ክትመጽእ ኣይትኽእልን፡፡ ሓደሓደ ግዜ ነዚ ቐይዲ እዋን ምሕረት ክትረክብን ኣብ ሓጺር እዋን ተመሊስካ ክትመጽእን ትኽእል ኢኻ። ኾይኑ ግና ኣብ ዝሓጸረ እዋን ተመሊስካ ክትመጽእ ምእንታን ርእስኻ ወይ ቤተሰብካ ዝእምኑ ወይ ቅቡል ምኽንያታት ዘለኩም ክትኾኑ ኣለኩም፡፡

ለ. ቕድሚ እቲ እዋን ናይ ምስጓግ ወይ ምጥራዝ ትእዛዝ እንተበጺሑካ ን20 ዓመታት ብሕጋዊ ኣገባብ ተመሊስካ ክትመጽእ ኣይትኽእልን፡፡

ሐ. ምስ ከቢድ ገበን ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተተሰጊግካ ወይ እንተተጠሪዝካ ብሕጋዊ ኣገባብ ብፍጹም ተመሊስካ ክትመጽእ ኣይትኽእልን፡፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ተመሊስካ እንተመጺእኻ ነዚ ገበን ክትክሰስን ምስ ናይ ገንዘብ መቕጻእቲ ኣብ ፌደራል ቤት ማሰርቲ ክሳብ 20 ዓመት ዝኣክል እዋን ክትቕየድን ትኽእል ኢኻ፡፡

መ. ካብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ እንተድኣ ተሰጒግካን (ተጠሪዝካን) ብዘይ ገለ ፍቓድ ናብ ሕቡራት ሃገራት ኣሜሪካ ተመሊስካ መጺእካ እንተ ተታሒዝካ ኣብ ርእስኻ ፌደራላዊ ክሲ ክቐርብን ናይ ገንዘብ መቕጻእቲ ተቐጺዕኻ ናብ መበቈል ሃገርካ ቕድሚ ምምላስካ ኣብ ፌደራላዊ ቤት ማዕሰርቲ ተቐይድካ ትጸንሕ ኢኻ፡፡